<u>መደረ ብጻይ ኣድሓኖም ገብረማሪያም ኣብ ኣኼባ ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን
ዝርከቡ መሪሒነታት ሰለስተ ውድባት.</u>

<u>ዝኸበርኩም ቡጾት</u>፡-

ኩሉና ከም ንፈልጦ ናይ ሎሚ መአከቢና ሓድነት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት: ማለት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ኣብ መደምደምትኡ ንምብጻሕዩ። ከምኡ እዉን ኩሉና ኣብዚ ዘለና ናብ መዛዘሚ ናይ ምጽንባር ኣኼባ ፍራንክፈርት ክንሳትፍ ኣኸእሎ ስለዘየለ፡ እዞም ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን እንርከብ መሪሕነት ሰለስቲኡ ውድባትና ኩሉ መዳያዊ ገምጋም ብምግባር ለበዋታት ናብ መዛዘሚ ኣኼባ ፍራንክፈርት ብእንምዝዞም ወከልትና ንምልኣኽ'ዩ።

ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘውርዶ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ጨቆናን ምብትታን ሃገርና ብቐረባ ናይ ምርኣይን ምክትታልን ዝሓሸ ዕድል ስለዘለኩም፡ ኣኼባና ግብራዊ መፍቲሒታት ከቕርብ ከምዝኽእል ጥርጥር የብለየን። ብኻልእ ኣባሃህላ ሃገርና ነዲዳ ናብ ሓሙኹሽቲ ናይ ምቕያር መስርሕ ሒዛ ነዊሕ ተጓዒዛ ከምዘላ ብቐረባ ንርኢ ስለዘለና፡ ንምድሓና መፍትሒ ሓሳባት ንምቕራብ'ዩ። ብመሰረቱን ብኣውርኡ'ውን ሰለስቲኡ ውድባትና ፍጹም ሓድነት ንምግባር ኣብ ውሳኔ ዝበጽሐ፡ ዓቕምታቱ ኣዋሃሂዱ ነቲ ንሃገርና ዘንድድ ዘሎ ቃጸሎን ባርዕን ከጥፍእ ከምዝግባእ ስለ ዝኣመነ እዩ። ጽባሕ ንግሆ ሃገር ነዲዳ ኣብ መልቀስ ክንዲ ዝውዕል ኣብ ኣፈ-ርክቡ ክሳተፍ ስለ ዝመረጸ እዩ። ገለ ወገናት ማለት ጹቡቕ ሃገርና ዘይትምነዩ ንሓድነትና ዘይሕብሩ ክቐብእዎ ዝፍቱኑ እኳ ይሃልዉ፡ ቀዳማይ ደራኺ ረቛሒ ሓድነትና ግን ሃገር ኣብ ሓሙኹሽቲ ከይተቐየረት ከላ ንምርካባ'ዩ።

ብጾት፡-

ቀጺለ ክጠቕሶ ዝደሊ ነጥቢ፡-- ሓደ ካብቲ ዕላማታት ሰልፍና፡ ሓያልን ኣድማዕን ውድብ ምህናጽ ሙኻኑ ንሓደ ክልኢት'ውን ንማታኣሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ሓያልን ኣድማዕን ሰልፊ ኮይኑ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎድኑ ንኸዓስል እዩ። ብተመሳሳሊ ሰልፍና ዘይንጸል ኣካል ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ እዩ። ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ቀላጽሙ ኣስሚሩ መተካእታ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንኽበቕዕ፡ ሰልፍና ብኹሉ ዓቕምታቱ ክሰርሕ እዩ። ስለዚ ሓያል ሰልፊ ምህናጽ ማለት ሓያል ደምበ ተቓውሞ ምህናጽ ማለት እዩ። ስለዚ እምበኣር ሰልፍና ምስ መላእ ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ምስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ፡ ኣካልን ኣምሳልን ኮይኑ ብምስራሕ ሃገርና ካብ ምብትታን ንምድሓን ክጽዕትን መስዋእቲ ክኸፍልን ሙኻኑን ፈተውትናን ጸላእትናን በዚ ኣጋጣሚ ከብራሃሎም እፈቱ።

ክንዕወት ኢና
ጽን ኢልኩም ስለዝሰማዕኩሙኒ የቀንየለይ፡
22 ታሕሳስ 2009
ኣዲስ ኣበባ.